
NHS England



# ብዛዕባ ሕክምና ደቂ ኣንስትዮ valproate/ቫልፕሮኤት ዝወስዱ ሰባትን ዝገልጽ ሓበሬታ ዝሓዘት በራሪ ወረቐት





Tigrinya

# እዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ ብዛዕባ እንታይ እያ?




እዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ ትሕቲ 55 ዝዕድሚኦም ዝኾኑ ሰብ ቫልፕሮኤት ምውሳድ ብዛዕባ ዘለዎ ጥቕምታትን ሓደጋታትን እትገልጽ እያ። እዚ ኸኣ ቫልፕሮኤት ብዛዕባ ምጅማር ወይ ምውሳድ ምስ ክኢላ ጥዕናኹም ንኽትዘራረቡ ዝድግፍ እዩ። ቫልፕሮኤት ሓድሓደ ግዜ ኤፒሊም/ Epilim ወይ ዲፓኮት/ Depakote ይበሃል። ቫልፕሮኤት ቫል-ፕሮ-ኤት ተባሂሉ እዩ ዚንበብ።





ቫልፕሮኤት ትርግትያ (ዘውድቕ ሕማም ወይ ጸገም ሃንጎል) ወይ ባይፖላር ዲስኦርደርን ካልእ ናይ ጥዕና ጸገማትን ኣብ ምሕካም ኣዝዩ ውጽኢታዊ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ጸገም ሃንጎል ወይ ዘውድቕ ሕማም ንምንካይ እቲ ዝበለጸ መድሃኒት እዩ።





ክኢላ ጥዕናኹም ብዛዕባ እቲ ብጽቡቕ ክትነብሩን ውሁስ ኾይንኩም ኽትጸንሁን ዝጠቕመኩም ብሉጽ መድሃኒት ክነግረኩም እዩ። ሓድሓደ ግዜ ገሊኦም ሰባት ብዘውድቕ ሕማም ወይ ጸገም ሃንጎል ህማም ኣዝዩ ኽሃሙ ይኽእሉ እሞ ገሊኦም ሰባት ብሃንደበት ክሞቱ ይኽእሉ እዮም(SUDEP, Sudden Unexpected Death in Epilepsy/ ብዘውድቕ ህማም ዘይተጸበኻዮ ሃንደበታዊ ሞት ተባሂሉ ዝፍለጥ)።




ክኢላ ጥዕናኹም ንዓኹምን ንኣለይትኹምን፣ ንስድራ ቤትኩምን ኽዘራረብ ወይ ከኣ ብዛዕባ ጥቕምን ሓደጋታትን እቲ ቫልፕሮኤት ዝብሃል መድሃኒት ኽሟገት እዩ። SUDEP ን ካልእ ንጥዕናኹም ሓደጋታት ዝኾኑን ኽገልጹ እዮም።





ጥንስቲ ኽትኾኑ ከለኹም ቫልፕሮኤት እንተ ወሲድኩም ንውሉድኩም ናይ ጥዕና ጸገማት ከምጽኣሉ ይኽእል እዩ።




ቫልፕሮኤት ነቲ ኣካላትን ሓንጎልን ሕጻን ዝዓብየሉ መገዲ ኺጸልዎ ይኽእል እዩ። ሓንጎል እቲ ሕጻን ብኸመይ ከም ዝዓቢ አብ ዘሎ ጸገም ክህልወሉ ዝኽእለሉ ኣጋጣሚ 30-40% ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

እዚ ማለት ከኣ ናይ ምምሃር ጸገም ወይ ኣውቲዝም ኣለዎም ወይ ኣቓልቦ ክገብሩ ወይ ኮፍ ክብሉ(ADHD) ኣይክእሉን ይኾኑ።



## ነቲ ቫልፕሮኤት ዝብሃል መድሃኒተይ ክምርምሮ ዘድልየኒ ስለምንታይ እዩ?


ቫልፕሮኤት እንተ ድኣ ወሲድኩም ኣብ ሕጻናት ናይ ጥዕና ጸገማት ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። ትሕቲ 55 ዓመት እንተ ኾይንኩም ኣብ ዓዓመት ምስ ክኢላ ጥዕናኹም ኽትራኸቡ ክትሕተቱ ኢኹም። እዚ ኸኣ ናይ መድሃኒት ግምገማ ተባሂሉ ኢዩ ዝፍለጥ።



ፓስፖርት ክንክን ጥዕና እንተ ሃልዩኩም፣ ንኽኢላ ጥዕናኹም ኣርእይዎ። ንኺድግፉኹም ኽሕግዞም እዩ።




ብዛዕባ መድሃኒትኩም ዝገበር ዝኾነ ይኹን ውሳነ ንዓኹም እውን ዘሳተፈ ክኸውን ኣለዎ። ምስ ከም ኣባል ስድራ ቤት፣ ኣላዪ፣ ፈታዊ፣ ተከራኻሪ ወይ ርእይቶኹም ንኽትገልጹ ክሕግዘኩም ዝኽእል ክኢላ ሰብ ምሳኹም ኣብ አኼባታት ኺርኽብ ይኽእል እዩ።



ድምጽኹም ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣይትረስዑ። ዘይተረድኣኩም እንተ ኾይኑ ወትሩ ሕተቱ። ብዛዕባ ኣካላትኩምን ህይወትኩምን ኣብ እትገብርዎ ውሳነታት ከም ዝተጠቓለልኩም ኾይኑ እንተ ዘይተሰሚዑኩም ተናገሩ።




ክኢላ ጥዕናኹም ክትወልዱ ትሓስቡ እንተ ሃሊኹም ወይ ክትጠንሱ ዘይትኽእል ኮይኑ እንተ ተሰሚእኩም ኺሓትተኩም እዩ። ቫልፕሮኤት እቲ ዝበለጸ መድሃኒት እንተ ኾይኑ ኽረጋግጹልኩም እዮም። ነቲ ዓመታዊ ናይ ሓደጋ አፍልጦ ፎርም (Annual Risk Acknowledgement Form, ARAF) ምስቲ ኽኢላ ኽትመልኡ ኽትሕተቱ ኢኹም። ቅዳሕ ናይቲ ARAF ኽወሃበኩም እዩ።



## ጥንስቲ ዝኸውን ኣይመስለንን

ንስኹምን እቲ ኽኢላን ከም እትጠንሱ እንተ ዘይሓሲብኩም፣ ነዚ ኣብ ARAF ምስ ምኽንያቱ ኽጽህፍዎ እዮም።




## ክጠንስ እኽእል እየ

ንስኹምን እቲ ክኢላን ክትጠንሱ ከም እትኽእሉ እንተ ሓሲብኩም፣ ዓመት ዓመት ምሳኻትኩም ክራኸቡ እዮም። ብዛዕባ ትርግትያ ወይ ባይፖላር ዲስኦርደር ክትመያየጡ ኢኹም ከምኡውን ቫልፕሮኤት ነዓኹም ክሳዕ ሕጂ ዝበለጸ መድሃኒት እንተ ኾይኑ ድማ ከተረጋግጹ ኢኹም። ክትወስድዎ ፍቓደኛ እንተ ኾይንኩም ኽረጋግጹልኩም እዮም።





ትሕቲ 55 ዓመት እንተ ኾይንኩም እሞ ኽትጠንሱ ትኽእሉ እንተ ኾይንኩም፣ ክልተ ኽኢላታት እዚ ዝበለጸ መድሃኒት ምኳኑ እንተ ተሰማሚዖምሉ ቫልፕሮኤት ኣብ ጥቕሚ ኽውዕል ይኽእል ኢዩ። ኽም ጥቕልል ወይ ዝቕበር መከላኸሊ ጥንሲ ዝአመሰለ መከላኸሊ ጥንሲ ኽትሃስቡ የድልየኩም እዩ። ብዛዕባ ኣማራጺታትኩም ምኽሪ ኽትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም።




ክትጠንሱ ትኽእሉ እንተ ኾይንኩም፣ ክኢላኹም ኽም ቫልፕሮኤት ኽጠቕመኩም ዝኽእል ካልእ መድሃኒት እንተ ሃልዩ ምሳኹም ኽመያየጥ እዩ።



ካብ ቫልፕሮኤት ናብ ከምኡ ዘይዓዪ መድሃኒት ምቕያር፣ ወይ ቀልጢፍካ ምቕያር፣ ነቲ ናይ ምውዳቕ ህማም ወይ ናይ ጥዕና ጸገማት ኽጋድዶ ይኽእል እዩ። ገሊኦም ሰባት ናብ ሆስፒታል ክኸዱ ገሊኦም ከኣ ኽሞቱ ይኽእሉ ይኸውን።



# ንጥንሲመደብ ከውጽእ እሓስብ ኣለኹ


ንጥንሲ ትሓስቡ እንተ ሃሊኹም፣ ምስ ሓኪምኩም ክትዘራረቡ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ጥንስቲ ቕድሚ ምኺንኩም ንዓኹም ወይ ንውሉድኩም ዘስዕቦ ዝኾነ ይኹን ሓደጋ ንምንካይ ዝከኣለኩም ኩሉ ንክትገብሩ ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም።



እንተ ጠኒስኩም ቀልጢፍኩም ንሓኪምኩም ክትነግርዎ ኣለኩም። እዚ ሓደገኛ ስለ ዝኾነ ምስ ክኢላ ጥዕናኹም ከይተዘራረብኩም ቫልፕሮኤት መድሃኒት ምውሳድ ከተቋርጹ የብለኩምን።



ጥንስቲ እንተ ኾይንኩም እሞ ህማም ምውዳቕ ወይ ጸገም ሃንጎል እንተ ሃልዩኩም ብእተኻእለኩም መጠን ደው ክተብልዎ ኣገዳሲ እዩ። ብዙሕ ምውዳቕ ህማም ንእብየት ኣካላትን ሓንጎልን ሕጻናት ኪጸልዎ ይኽእል እዩ። ሓድሓደ ግዜ ኣንስትን ዘይተወልዱ ሕጻናትን ብሰንኪ ህማም ምውዳቕ ከምኡውን SUDEP (ዘይተጸበኻዮ ሃንደበታዊ ሞት ህማም ምውዳቕ) ይሞቱ ኢዮም።



ብዙሓት ትርግትያ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ጽቡቕ ጥንሲታት እኳ እንተ ሃለወን እዚ ግና ሓደገኛ ግዜ ክኸውን ይኽእል እዩ።  ገሊኣተን ኣንስቲ ኸይጠነሳ ኽም ርዕመት ብዝኣመሰለ መገዲ ኣዴታት ይኾና።




## ተወሳኺ ሓበሬታ

ናይዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ PDF ከተውርዱ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡውን ዝያዳ ኣብ ዝስዕብ ኽትፈልጡ ትኽእሉ፦

**southeastclinicalnetworks.nhs.uk/valproate**



ናይ ስልኪ ካሜራኹም ናብኡ ብምግባር እውን **ነዚ QR ኮድ ስካን ኽትገብሩ** ትኽእሉ ኢኹም።

እዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ ብኻልኦት እተፈላለያ ቛንቋታት እውን ኽትወርድ ትኽእል እያ።

## ኣፍልጦ

ንኹሎም እቶም ኣብ ደቡባዊ ምብራቕን ኣብ ካልእ ቦታታትን ዝርከቡ ሰብ ሞያ ህክምና፣ ከምኡውን ነቶም ኣብዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ ኣበርክቶ ዝገበሩ ምስ ትርግትያ ኹነ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ልምዲ ዘለዎም ክኢላታት የቕንየልና።

ነዛ በራሪ ወረቐት ኣብ ጐንና ኾይኖም ንዝቐረጽዋ ብፍላይ ነቲ ካብ Active Prospects፣ ProActive Community members፣ SUDEP Action፣ ከምኡውን My Life My Choice ብጣዕሚ ነመስግን ኢና።

‘Easy-on-the-i’ መሰል ቕዳህ ስእልታት © Leeds ከምኡውን York አጋርነት NHS ፋውንድሽን ትረስት።

CS57039 NHS Creative 2024